**Kanton Zürich**
**Bildungsdirektion**
**Volksschulamt**

# ምምሃር ቅድሚ መዋእለ ህጻናት ይጅምር

## ለበዋታት ንኣተሓሕዛ ህጻናት ቅድሚ ትምህርቲ ምጅማሮም ኣብ ዘሎ እዋን



**tigrinya**

ንውላድኩም ንመዋእለ ህጻናትን ንድሕሪኡ ዘሎ ናይ ቤት ትምህርቲ ደርጃን ከተዳልውዎ ትድልዩዶ፧

ነዚ ንምትግባር ፍሉይ ነገር ምግባር ኣየድልን ኢዩ። ንውላድኩም ብኣተኩሮ ምስ እተሰንይዎን ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታት ምስ እተሳትፍዎን፡ ዝበለጸ ሓጋዚ ዕቤት ኢዩ። ብኸምዚ መንገዲ ህጻናት ንመጻኢ ሂወቶምን ትምህርቶምን ሓገዝቲ ዝኾኑ ነገራት ይምሃሩ። ኣብ ትሕቲ www.kinder-4.ch ዝርከባ ሓጸርቲ 40 ፊልምታት፡ እቲ ምስ ስድራኻ እተሕልፎ ግዜታት፡ እቲ ዝበለጸ ናይ መምሃሪ ቦታን እዋንን ከምዝኾነ፡ ኣብነት የርእያ። ወለዲ ደቆም ሓገዝ ኣብ ዘድልዮም እዋናት ደገፍ ይገብሩሎም እዮም። ስለዚ እዚ ዝስዕብ ሓደ ሓደ ነገራት ከም ኣብነትን ከም ተወሳኺ ሓበሬታን ዝተሓሰበ እዩ።

እቲ ቀንዲ ኣገዳሲ፡ ንስኹም ምስ ውላድኩም ኣብ ዓወቱ ሕጉሳት ምዃንን፡ ኣብቲ ናብ ዓወት ዘብጽሖ መንገዱ ምትብባዕን፡ ብዝተኻእለ መጠን ብዙሕ ነገራት ባዕሉ ንኽፍጽም ምግዳፉን እዩ።

| | |
|---|---|
| ምዝራብ<br> | ምስ ውላድኩም ተዕልሉዶ፧ ብቋንቋ ኣዴኹም ምስ ውላድኩም ትዛረቡዶ፧ |
| | ህጻናት እንድሕር ሰብ ምስኦም ተዛሪቡን፡ ንሳቶም‘ውን ንኽዛረቡ ዕድል ምስ ዝረኸቡን ጥራይ እዮም ብቋንቋ ክምዕብሉ ዝኽእሉ።<br><br>እንድሕር ህጻናት ስድራ ቤቶም ዝመልክዎ ቋንቋ ተማሂሮም፡ ንሳቶም‘ውን ካልእ ቋንቋ ንኽምሃሩ ጽቡቕ መሰረት ይህልዎም። ወለዶም ዝተፈላለየ ቋንቋ ዝዛረቡ ምስዝኾኑ፡ ኣየናይ ቋንቋ መዓስ ከም ዝዝረብ ንጹር መምርሒ ምስዝህሉ፡ ሓጋዚ ይኸውን። |
| ምስማዕ<br> | ምስ ውላድኩም ናይ ስእሊ መጽሓፍ ትርእዩ‘ዶ፧ ነቲ መጽሓፍ ተንብቡሉ ወይ ብዛዕብኡ ምስኡ ተዛረቡዶ፧ ንውላድኩም ዛንታታትን ካልእ ታሪኻትን ትነግርዎዶ፧ |
| | ብግቡእ ኣድህቦ ምስማዕ ኣገዳሲ ቅድመ ኩነት ንምምሃር ኣብ ቤት ትምህርቲ እዩ። ህጻናት ካብ ንእሽቶኦም ኣትሒዞም ተገዳስነትን ፍቕርን ኣብ መጽሓፍትን፡ ስእልታትን፡ ዝተፈላለዩ ጽሑፋትን ምስ ዘጥርዩ፡ ድሓር ምጽሓፍን ምንባብን ንኽምሃሩ ይቕለሎም። |
| ምርዳእ (ምሓዝ)<br> | ውላድኩም ሓደ ሓደ ነገራት ብኢዱ ንኽድህስስን ንኽሕዝን ግደፍዎ (ንኣብነት ክዳውንቲ፡ ካራ፡ ፋርኬታ፡ ማንካን መግብታትን ወዘተ)። ነዚኦም ነገራት በስማቶም ትጽውዕዎምዶ፧ ንደቅኹም ትገልጹሎምዶ፧ |
| | ቆልዑ ንኽፈልጡ ይህንጠዩ እዮም። ንዓለም ክፈልጥዋ‘ውን ይደልዩ። ህጻናት ብኽልተ መንገዲ ክፈልጡ ይኽእሉ፡ ብምሓዝን (ምትንካፍን) ብምርዳእን። |
| ቅርጽታት<br> | ውላድኩም ምስ ማይ፡ ሑጻ፡ እምኒ፡ ቆጽሊ፡ በረድ፡ ባዴላ፡ ኩባያታት፡ ወዘተ ንኽጻወት ዕድል ትህብዎዶ፧ |
| | ከምዚ ዓይነት ጸወታ (ንኣብነት በረድ ምምላእ፡ ምግምጣል፡ ቅርጽታት ምስራሕ፡ ወዘተ) ንህጻናት እቲ ቀዳማይ ስጉምቲ ንፍልጠት ቁጽርን ዓይነት ነገራትን ኢዩ። |

| | |
|---|---|
| ምህናጽ<br> | ውላድኩም ዝተፈላለየ ቅርጽታት: ሌጎን (መጻወቲ ናይ ህንጻ ሕጡባት): ባኮታትን: ወዘተ ንኸሃንጽ ዕድል ትሃብዎዶ፤ |
| | እቲ ህጻን ብኸምዚ መንገዲ: ቅርጽታትን: ዓቐንን (ዓቢዶ ንእሽተይ: ብዙሕዶ ውሑድ) የለልን ንኽፈላልዮም ድማ ይምሃርን:: |
| ምቕባእ<br> | ንውላድኩም ወረቐትን ዝተፈላለየ ሕብርታትን ትቕርቡሉዶ፤ ንኽቕብእን ሓደ ሓደ ነገራት ንኽፈጥርን ድማ ዕድል ትህብዎዶ፤ |
| | ብኸምዚ መንገዲ ውላድኩም ምንቅስቓስ ኣእዳውን ኣጻብዕትን ይምሃር:: እዚ ዓይነት ምንቅስቓስ: ድሓር ምጽሓፍ ንኽኽእል  ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ:: |
| ነገራት ምስራሕ<br> | ንውላድኩም ወረቐት: ባኮታት: መላገቢ ጎማታት: ኮላ: መቐዝን ካልኦት ነገራትን ትህብዎዶ፤ ምስኡ ኼንኩም'ከ ነገራት ትስርሑዶ፤ ወይ ድማ ኣብ ሕብስቲ ምስራሕን ካልእ ነገራትን ተሳትፍዎዶ፤ |
| | እቲ ህጻን ምንቅስቓሳቱ ንኽቋጻጸር: ናይ ፈጠራ ክእለቱ ንኸማዕብልን ሓሳባት ከተግብርን ይምሃር:: |
| ተመኩሮ ምጥራይ<br> | ምስ ውላድኩም ኣብ ተፈጥሮኣዊ ቦታ (በረኻ) ትኸዱዶ፤ ንዕዳጋ ይኹን ናብ ናይ ሕጽቦ ቦታ (ብሓፈሽኡ ናብቲ ትኸድዎ ቦታ) ሒዝኩሞ ትኸዱዶ፤ ኣብኡ ዘለዉ ነገራትከ ክድህስስ: ንኽጥቀመሎምን: ዋላ ሓደ ሓደ ግዜ ንኽረስሕን ዕድል ትህብዎ ወይ ተፍቅዱሉዶ፤ |
| | ውላድኩም ብኸምዚ ነገራት ዝተፈላለየ ተመኩሮ የጥርይ: ፍልጠቱ የስፍሕን ሕግታት ምኽባር ይምሃርን:: |
| ባዕልኻ ምስራሕ<br> | ውላድኩም ሓደ ሓደ ነገራት ባዕሉ ክገብር ይፍቀደሉዶ: ዋላ'ኳ ሓንሳብ ሓንሳብ ነቲ ነገር ንምፍጻም ነዊሕ ግዜ ይውሰደሉ፤ (ንኣብነት ባዕሉ ክዳኑ ምምላስ: ሽንትቤት ምጥቃም: ጣውላ ምንጻፍ/ምቕራብ: ቱፋሕ ምቕራፍ: ወዘተ) እቲ ህጻን ባዕሉ መፍትሒ ንኽረክብ ተተባብዕዎዶ፤ ሓደ ሓደ ጸገማት/ ንኽወጾም ትሕግዝዎዶ፤ |
| | ህጻናት ሓደ ስራሕ ብግቡእ ባዕሎም ብዘይ ሓገዝ ንኽሰርሕዎ ግዜ የድልዮም:: ርእሰኻ ምኽኣል: ንህጻን ንመዓልታዊ ናይ ቤት ትምህርቱ ህይወት የቃልለሉን ከምኡ'ውን ርእሰ ተኣማንነት ከምዝህልዎ ይገብርን:: |
| ብሓንሳብ ምጽዋት<br> | ውላድኩም ምስ ካልኦት ህጻናት ቀጻሊ ክጻወት ተኽእሎ ኣለዎዶ፤ |
| | ህጻናት ብሓንሳብ ብምጽዋት ብዙሕ ነገራት ካብ ነንሕድሕዶም ይምሃሩ:: እዚ ማለት: ድሌት ብጾቶም ንኸለልዩ: ናቶም ድሌት ንኽትግብሩ: ነንሕድሕዶም ንኽረዳድኡ: ክተሓጋገዙን: ክሰማምዑን ይምሃሩ:: እዚ ከኣ: ውላድኩም ነቲ ድሓር ዝመሃረሉ ክፍሊ ጽቡቕ ንኽለምዶን ቦትኡ ንኽረክብን ይሕግዞ:: |

ውላደይ መዋእለ ህጻናት ንኽጅምር እንታይ ክኽእል ኣለዎ፧

ንመዋእለ ህጻናት ንምጅማር ብዘይካ ዕድመ ዝኾነ ካልእ ቅድመኩነት የለን። እንተኾነ ግን ውላድኩም እዞም ዝስዕቡ ተመኩሮታት ምስ ዝህልዎ ሓጋዚ ይኸውን።

- ምስ ካልኦት ህጻናት ምጽዋት: ምጉያይ: ምሕኳርን: ከምኡውን ሚዛኖም ምሕላውን
- ንዝተወሰነ ሰዓታት ካብ ወለዱ ተፈልዩ ብዘይ ጸገም ዝጸንሕ ምስዛኸውን
- ብመቐዝ ወረቓቕቲ ምቁራጽ: ብርሳስ ምስኣልን ብኮላ ምልጋብን
- ባዕሉ ብዘይ ሓገዝ ክዳኑ ምምላስን ምውጻእን
- በይኑ ሽቓቕ ምጥቃም
- ኣእዳዉ ምሕጻብ: ኣፉ: ኣፍንጭኡን ኣስናኑን ምጽራይን
- ሓደ ሓደ ቀለልቲ ነገራት ብጀርመን ምዝራብን ምርዳእን: ዝተባሃሎ ምትግባርን
- ንዝተወሰነ ግዜ ኣብ ሓደ ነገር ብህድኣት ምጽናሕ: ኣብኡ ምድሃብ
- ነገራት ብጥንቃቐ ምጥቃም: ህይወት ምኽባር (ሰብ ይኹን እንስሳ ብኽብረት ምቕራብ)
- ድሕሪ ጸወታ ዝተጻወተሉ ኣቑሑት ምጥርናፍን: ኣድላዪ ምስዝኸውን ከኣ ምሕጋዝን

## ሕቶታት፧

ሕቶታት ምስዝህልወኩም ወይ ድማ ኣብ ምዕባለ ውላድኩም ርግጸኛታት ምስ ዘይትኾኑ: ንክኢላ ኣማኻሪ ስድራ ቤት (Familienbera-tung) ወይ ናይ ህጻናት ሓኪም: ንኣለይቲ ቤት ትምህርቲ: ወይ ድማ ንመምህር መዋእለ ህጻናት ወይ ንኣለይቲ ናይ ጸወታ ጉጅለ ውላድኩም (ሽፒልግሩፐ) ተወከሱ።
ዕቤት ውላድኩም ከምቲ ዝግብኦ እንተ ዘይኮይኑ: ቀልጢፍኩም ቅድሚ ምጅማር መዋእለ ህጻናት ምስ ኣባላት መዋእለ ህጻናት ወይ ኣለይቲ ቤት ትምህርቲ ተዛራረቡ። ከምዚ ምስ ዝግበር ጥራይ ኢዩ እቲ ዝበለጸ ሓገዝ ክርከብ ዝኽእል።

መወከሲ ጽሑፍ
- «Lernen ist schon für kleine Kinder sehr wichtig!» (ብሮሹር ናይ ቤት ትምህርቲ ቡኽስ ካንቶን ሳንጋለን)

እዚ ለበዋታት ብምርድዳእን ተሓባበርነትን ናይ ማሕበር መዋእለ ህጻናትን (Verband Kindergarten Zürich VKZ) ማሕበር መማህራን ዙሪክን (Zürcher Lehrerinnen- und Lehrerverband (ZLV).

VERBAND KINDERGARTEN ZÜRICH

ZLV Zürcher Lehrerinnen- und Lehrerverband

ጥሪ 2016

ኮንታክት:
Bildungsdirektion Kanton Zürich
Volksschulamt | Pädagogisches, Unterrichtsfragen
Telefon 043 259 22 42, E-Mail: unterrichtsfragen@vsa.zh.ch

004097